# ***ስምዕታ ህግደፋዊያን ዓገብ ዘይፈልጡ***

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*
*በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*

*በትሪ ሐቂ ትቐጥን እንበር ኣይትስበርን*
*ኣብታ ተፈታዊት ከተማ ኤርትራዊያን*



*ኣብ ቦታ ጅግና ዓዋተ ሐወልቲ ቡሽክን*
*ምስ ጭፍሩኡ ጅግንነትና ክደፍን ዝፍትን..*

*ንትሽዓተ ኣዛብእ ዓስራዮም ጋውና ምልስና*
*መን እዮም እዚኣቱም መንነት ዝሐቱና*
*ናታትኩም ፍለጡ ንሕናስ ደቀባት ኢና..*



*ምስላ እንዳባ, ካብ ሌባ ተቐባሊ ሌባ*
*ገለ ኣሜን በሃልቲ ገለ ጥራይ ዘረባ*
*ጥር ኢሉ ንድያስፖራ ራብዓይ ዘባ*
*ኣሜን በሃልቲ ኣዚርኩም ሕሰቡ እባ..*

*ሕተትዎ ነቲ ንኣውራጃታትና ዘፍረሶ*
*ታሪኽና ነበረ ነበረ ክገብሮ  ክድምስሶ*
*ድሕሪ ነጻነት ካብ 8 ናብ 6 ዘንኣሶ*
*ሕጂ ድማ ካብ 6.ናብ 3. ይደቑሶ*
*ከም ተልእኾኡ ዶብና  ይሐዋውሶ*
***ንጥፍኣትና ዝምነ ብኣጋ ነልግሶ..***

*ኣእዳዉ ብደም ዝጠስጠሰ*
*ሕጊ እንዳባ ዝጠሐሰ*
*ምስ ጭፍሩኡ ኣዋልድና ዘራኸሰ*
*ኣብኣ ትደዮ ናብ ልቡ ዘይተመለሰ..*

*ክጋደል ዝወጸ ብዘይ ድልየቱ ምስ ተሰደደ*
*ዓገብ ዝብል ተሳኢኑ ነብሱ ፈትዩ ምስ ሰገደ*

*ኤርትራዊ ሹዑ ካልኣይ ዜጋ ክኸውን ዝተፈርደ*
*ሓሲምዎ ወ ቀያሕትን ጸለምትን ዝኸፈለት ኣደ..*

*መራሒ ኹም ብጽልኢ ሓንጎሉ ቦኽቢ ኹ*
*መንነቱ ተሓቲቱ መጽሐፍ ይጽሕፍ ኣለኹ*
*ንደቀባት ወሎዶ ክትሓቱ ጮፍራ ህግደፍ ሕነኹ,*

*ኣስላማይ ክስታናይ ማዓስ ጠፊእዎ መበቆሉ ወለዱኡ ታሪኹ*
*ንወለዶና ካብ ዓሰርተታት ንላዕሊ ንቖጽር ኣይትፈትኑ ክትሓኩ*
*ህዝቢ ኤርትራ ብመንነቶም ዘይፍለጡ ጮፍራ ተንበርኪ ኹ..*

*ኢሰያስ ዝመራሒኦም ንኽይሎም*
*ብወለዶኦም ዘይኮነ ብግብሮም*
*ኢና ንውንጅሎም ንቃወሞም..*

*ስምዕታ ንህግደፋዊያን ዓገብ ዘይፈልጡ*
*ምስ ስዉር ዕላማ ዘለዎም ሃገር ክሸጡ*
*ምስኦም ተሓተቲ ምኺንኩም ፍለጡ..*

*ህግደፋዊያን ሕማም ዳሐር*
*መራሒ ኹም ዘይሐፍር,*
*ከም ጠቢብ ብፈታዊኡ ዝጅምር*
*መን ኩንትራት ሂቡኒ ኢሉ ዝግዕር..*

*ብዘይ ቅዋም ሃገር ይመርሕ*
*ንደቂ ሃገር ይኣስር ብመቑሕ*
*ንህዝቢ ብዘይ ውዕሎ የስርሕ*
*ግዜ በሊዑ እንበር ክወግሕዩ ክወግሕ..*

*ወዲ ድሙ ነይገድፍ ግብሪ እሙ*
*ህግደፋዊያን ሄ,ሁ, በሉ እኒ ወዱ ዘሙ*
*ኣርዮስ ንዝኣመኑ ንዘይኣመኑ ጨልጊሙ*
*ብጅግንነት ኤርትራዊያን መሪሕ ተሸሙ*
*ሜሬትና ብሃብታሙ ንህዝቢ ጠሚሙ..*

*ኣስማትኩም ኣሎና ሰብ ሕማቕ ዛንታ*
*ብውሽጢ ብደገ ንህዝቢ ከሊኦሞ ሩፍታ*

መንነት መራሕትኹም ግዳ ዘይትሐቱ
ንኽሻ ማንኪ ዘይናቶም ስልጣን ዝበሐቱ..

ሕተቱ ነቶም ንህዝብታት ክንዲ ዘፋቕሩ
ነቶም ዝተባእሱ መሲሎም ነገር ዝጽሕትሩ
ንመንነትና ከህስሱ ምሱኡ ቃል ኪዳን ዝኣሰሩ,,

ሕተቱ ነቶም ከም ደቂ ሕድርትና ዝስወሩ
ነቶም ኣስመራ ተመሲሖም መቓለ ዝድረሩ
ሕተትዎም ንብስዉር ኣዲስ ዝሐድሩ
ወለዶስ ሕተትዎም ንብህዝብና ዝተቛመሩ..

ይበዝሕ ይበዝሕ ጨው ይነዝሕ
ህግደፍ ከም ሐዊ ለይቶ ምይሕ ምይሕ
ሸለብ ገለብ እንዳ በለ ወረቓት ዘብጽሕ
ተሐታቲ ምኺንካ ፈሊጥካ ብእዋኑ ተናሳሕ..

ናብ ቶም ታሪኽና ዘራኽሱ ክንሰግር
ወኻርያስ ጻድቕ ክትመስል ዝዋውዕ ትኣስር
ሰማእታትና ኣየድልዮምን ናትኩም ምስክር
መንኢኻ ታ ኣብዘይ ትፈልጥ ታሪኽ  ትምድር
ኢሰያስ ኣለዋሃ ምላሽ ንስኻ ኢትዮጵያ ትዝምር..

**ኣታ ብልሳን ተስፋጽዮን ትዛረብ**
ዘበን ግርምቢኢጥ ማይ ንዓቓብ
ካብ ዓዲ እንግሊዝ ሕማም ተላገብ
ከም ሕማም ዓሶ ዘበለኩም ገብገብ
ኣታ ግሩህ መንእሰይ ኣዚርካ ሕሰብ..

ሕጂ ውን ጭርሑና ኤርትራ ንኤርትራዊያን
ደም እንዳ ጣዓመኩም ዋሐጥዎ ኣግእዛዊያን
ኣብ ሸሞንተ ብሄራት ኣለዉ ኣስላም ክስታን..

ቃልስና ቀጻሊ እዩ ንህዝቢ ንምሕዋይ
ላንጋ ላንጋ ኤረትራዊ ዲኻ  ትግራዋይ
ነስላማይ ክስታናይ ዘይኣምን እንታዋይ
ያኣክል ንወለዶ ትማሊ ምንእኣስ ጥራይ
ግብሪ ኣልቦ መልሐስካ ዝሃበካ ምውርዛይ..

*ነገር ዘይጸገበዓል ዋጣ ይሕጸ*
*ምስ ሐርበኛታት ተጸጊዑ ዝወርጸጸ*
*ሎምስ ተፈሊጥኩም እኒ ዕኩራት ጻጸ*
*ትሕዝቶኹም ኮይኑ ከም ሕሞር ዝመጸጸ..*

*ደም ስኒ ካብ ቱፍ ትብሎ ትውሕጦ ይበዝሕ*
*ሐንቲ ከይሰራሕካ ኣይትበል ፈንጣሕ ጣሕ*
*ንጅግንነት ዋዕሮ ኣቦኻ ኣያኻ ካብ ምርሳሕ*
*ቅድም ንጃንዳ ህግደፍ ኣብሎም ፋሕ ፋሕ..*

*ከምቲ መንእሰይ ሕድሪ ሰማእታቱ ዘይጠለመ*
*ኣብ ኢስራኤል ዲያስፖራ ንጃንዳ ዝጨልገመ*
*ንወከልቲ ጃንዳ ህግደፍ ርእሶም ዘሕመመ*
*ዓገብ ነቶም ዊኢሎም ዝሐድሩ ኣብ ጸለመ..*

*ምስቲ ኣሉታ ዘይኮነ ምስቲ ኣወንታ፡ ምስ መንእሰያት, ሱሳታት,ሰብዓታት ሰማንያታት, ተስዓታት ክተዋዳድርዎ፡ ከምቲ ንሳቶም ንመግዘእቲ ኢትዮጵያ ተሰዉኦም ሰንኪሎም ዝሰዓርዎ፡ ቅድም ከምኦም ታሪኽ ሰሪሕኩም ንህግደፍ ኣባርርዎ፡ነቲ ንጁህ መንእሰይ ዕንቅፋት ካብ ትኾንዎ፡፡*

*ተላኣኣኽቲ ክልተ ደግለላት ከይኮንኩም*
*ንጅግንነት ዋዕሮታት ኣያታት ኣኽቢርኩም*
*ንህዝቢ ካብ ባርነት ምስ ኣጋላገልኩም*
*እንተ ተዛረብኩም ሹዑ ዩ ዘምሕረልኩም*
*እዚ ዩ ማዕዳይ ወደሐንኪ ወደሐንኩም..*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና*
*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና*